**ናብ ናይ መጀመርታ ኣኼባ ናይ መዋእለ ሕጻናት .................... ብደሓን ምጹ**

ኵሎም ወለዲ መዋእለ ሕጻናትና ቅድሚ ምጅማር ዕለት መዋእለ ሕጻናት ምስ መዋእለ ሕጻናት ናይ መጀመርታ ኣኼባ ክገብሩ ዕድመ ይቐርበሎም፣ ብዘይካዚ ድማ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ኣኼባ ብዛዕባ ዕቤት ቈልዑ ይግበር እዩ። ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝግበር ዝርርብ ኣብ መንጎ ወለድን ሓላፊት ትምህርትን ዝካየድ ብምስጢር ዝተሓዝ ዘተ እዩ።

*መዋእለ ሕጻናት ነቲ ወለዲ ተሳትፎ ኽገብሩ ዘለዎም መሰል ኣኽቢሩ ይርእዮን ምስ ወለዲ ብቐረባን ብምትሕብባርን ክሰርሕ ድማ ይጽዕር እዩ። (ቅርጺ መደብ መዋእለ ሕጻናት፡ ምዕራፍ 5)።* Film: Hva er rammeplan for barnehagen፧ | udir.no. | udir.no. (ፊልም፡- ንመዋእለ ሕጻናት ዝምልከት ቅርጺ መደብ እንታይ እዩ፧) ኣብቲ ቅርጺ መደብ ከም እተገልጸ፡ ኣብ መንጎ መዋእለ ሕጻናትን ወለድን ዝግበር ምትሕብባር ንጽቡቕ ሂወትን ምዕባለን ቈልዑ ወሳኒ እዩ።  ስለዚ፡ ነቲ ቈልዓ ዝጠቅም ጽቡቕ ዝርርባት ክንገብር ሸቶና እዩ።

እቲ ናይ መጀመርታ ኣኼባ ኣገዳሲ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ሰራሕተኛታት እቲ መዋእለ ሕጻናት እቲ ቈልዓ ኣብ መዋዕለ ሕጻናት ቅድሚ ምጅማሩ ብዛዕባ ዘድልዮ ነገራትን ብዛዕባ ተገዳስነቱን ክፈልጡ ስለ ዝሕግዞም እዩ፣ ከምኡውን እቶም ሰራሕተኛታት ነቲ ቈልዓ መዋዕለ ሕጻናት ክለምድ ነቲ ቈልዓን ንወለዱን ኣብ ምሕጋዝ ዝሓሸ ኽገብሩ ስለ ዘኽእሎም እዩ። ንውላድኩም ብዝበለጸ እትፈልጥዎ ንስኻትኩም ስለ ዝኾንኩም፡ ንውላድኩም ብዝበለጸ መንገዲ ኽንሕዞ ዘድልየና ሓበሬታ ክትህቡና እትኽእሉ ንስኻትኩም ኢኹም። እቲ እትህቡና ሓበሬታ ጽቡቕ ርክብ ክንገብር ክሕግዘና እዩ፣ እዚ ድማ ንጽቡቕ ህይወትን ምዕባለን እቲ ቈልዓ ብኣወንታ ክጸልዎ እዩ።

ንኣኼባ ዝኸውን ቅጥዒ ኣብ ገጽ 2 ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ክልቲኦም ወገናት ነቲ ኣኼባ ምእንቲ ክዳለዉ በጃኹም ኣብቲ ቅጥዒ ዘለዉ ኣርእስታት ኣቐዲምኩም ርኣይዎም። ነቲ እተመልአ ቅጥዒ ናብቲ ኣኼባ ሒዝኩም ምጹ።

እቲ ዝቐርብ ሓበሬታ ብመሰረት ደንቢ ሓለዋ መረዳእታ ክኽዘንን ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን እዩ።

TOLKENETT
Tolkenett AS
Schweigaardsgate 12
0185 Oslo
Org. nr. 993 965 294
www.tolkenett.no

**ናይ መኽፈቲ ኣኼባ ዕላል**

**ናይ መጀመርታ ኣኼባ ናይ (ስም ቈልዓ)፡-** **ዕለት፡-**
**ሰዓት፡-**

| **ካብ መዋእለ ሕጻናት** | **ካብ ወለዲ** |
|---|---|
| **ስድራቤትን ዝምድናታትን** | |
| እቲ ቈልዓ ኣበይ እዩ ተወሊዱ፧ ኣብ ናይ መጀመርታ ዓመታት ህይወቱ ከመይ ነይሩ፧ | |
| እቲ ቈልዓ ምስ መን እዩ ዝነብር፧ እቲ ቈልዓ ብፍሉይ ዝፈትዎ ሰብ ኣሎዶ፧ | |
| ንስድራቤት ብዙሕ ትርጉም ዘለዎም ፍሉያት መዓልታት (ኣገደስቲ ዕለታት፡ በዓላት) ኣለዉ ድዮም፧ | |
| እቲ ቈልዓ ቅድሚ ሕጂ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ይምሃር ነይሩ ድዩ፧ | |
| *ንውላድኩም ብኸመይ ምገለጽኩምዎ፧ እቲ ቈልዓ ይስሕቐካን ፍሽኽ ይብለካን ድዩ፧ ውላድካ ብፍላይ እንታይ ክገብር ወይ ክጻወት ባህ ይብሎ፧ ከም ገጽካ ሽፈንካ "እምባሕ" እናበልካ እትጻወቶ ዓይነት ጻውቲ ይፈቱ ድዩ፧* | |
| እቲ ቈልዓ ብርቱዕ ስምዒታት (ንኣብነት ሓጎስ፡ ጓሂ፡ ሕርቃን፡ ተስፋ ምቝራጽ፡ ፍርሂ) ኣብ ዝፈጥረሉ ኹነታት እንታይ ምላሽ ይህብ፧<br>እቲ ቈልዓ ብኸመይ እዩ ኽተጸናንዖ ዚፈቱ፧ | |
| ኣብ ገዛኹም ነቲ ቈልዓ ደረት እትገብሩሉ ብኸመይ እዩ፧ ብዛዕባ እዚ ክንፈልጦ ዘድልየና ነገር ኣሎ ድዩ፧ | |
| **መዓልታዊ ህይወትን ልምድታትን** | |
| ምስ ምግቢ ብዝተሓሓዘ ኣብ ገዛ እንታይ ዓይነት ልምድታት ኣሎ፧<br>እቲ ቈልዓ እንታይ ይበልዕ ወይ ይሰቲ፧ ኣለርጂ ወይ ካልእ ኣብ ግምት ክነእትዎ ዘሎና ነገራት ኣሎ ድዩ፧ | |
| እቲ ቈልዓ ኣብ መዓልታዊ ኩነታት ክሳብ ክንደይ ርእሱ ዝኽእል፧ ንኣብነት ምግቢ ኣብ ምብላዕ፡ ኣብ ምኽዳን፡ ከምኡውን ኣብ ኣጠቓቕማ ሽቓቕ ዘለዎ ልምዲ። | |
| እቲ ቈልዓ ኣብ ገዛ ዘለዎ ናይ ድቃስ ልምዲ እንታይ እዩ፧ እቲ ቈልዓ ኣብ ቀትሪ ኽድቅስ ወይ ዕረፍቲ ክገብር የድልዮ ድዩ፧ | |
| **ጻውትን ምሕዝነትን** | |
| እቲ ቈልዓ እንታይ ክገብር ወይ ክጻወት ይፈቱ፧ | |
| እቲ ቈልዓ ምስ ካልኦት ቈልዑ ወይ ዓበይትን ኣብ ዝጻወተሉ እዋን እንታይ ክገብር ደስ ይብሎ፧ | |
| **ቋንቋ ናይቲ ቈልዓ** | |
| እቲ ቈልዓ ኣብ ገዛ እንታይ ቋንቋ እዩ ዝሰምዕ፧ | |
| እቲ ቈልዓ ብኸመይ ብኣፋዊ (ምጉርምራም፡ ቃላት፡ ምሉእ ሓሳባት) ንነብሱ ይገልጽ፧ እቲ ቈልዓ ንስምዒታቱን ንድሌታቱን ብኸመይ ይገልጽ፧ | |



TOLKENETT
Tolkenett AS
Schweigaardsgate 12
0185 Oslo
Org. nr. 993 965 294
www.tolkenett.no

| | |
|---|---|
| ውላድኩም ዝፈትዎ ፍሉይ ደርፍታት ወይ መጻሕፍቲ ኣሎ ድዩ፧ | |
| **ትጽቢታት ካብ መዋእለ ህጻናት** | |
| ካብ መዋእለ ህጻናት እንታይ ትጽቢታት ኣለኩም፧ | |
| ውላድኩም መዋእለ ህጻናት ዝጅምር ምኻኑ ከመይ ይስምዓኩም፧ | |
| ንውላድኩም ብዝበለጸ ንምድጋፍ ከነተኩረሉ ዝግባእ ነገር ኣሎ ድዩ፧ | |
| እቲ ቈልዓ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ክለምድ ዝሕግዞ እቲ መዋእለ ሕጻናት ክፈልጦ ኣለዎ እትብልዎ ካልእ ሓበሬታ ኣሎዶ፧ | |
| **ሓበሬታ ካብ መዋእለ ሕጻናት** | |
| መዋእለ ሕጻናት እቲ ቈልዓ ኽለምድ ምእንቲ እንታይ ከም ዝገብር ይገልጽ | |
| ጽማቕ ሓሳባትን ብዛዕባ እቲ ኣኼባ ስምዒትካ ምግላጽን | ኣብ ኣኼባ ብሓባር ምልእዎ |

**ፊርማ**

**ወለዲ:-...............................................................**

**መምህር:-.......................................................................**



TOLKENETT
Tolkenett AS
Schweigaardsgate 12
0185 Oslo
Org. nr. 993 965 294
www.tolkenett.no